# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፲፩

መጠረፍታ ነገር፦
ኣብቲ ንኣቦይ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ እናተማላለስኩ ዝጠየቕኩሉ ሠለስተ ዓመታት እዘን ወግዕታት እዚኣን ጥራይ ዘይኮነስ ብዙሕ ዘውጋዕናዮ ኻሊእ እውን ነይሩ። ብፍላይ በቲ ሽዑ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኹነታት በዙሕ ነውግዕ ነበርና። እዚኣን ካብ ብዝሒ ዘበናት ብሓድገ-መድገ ዝዘከርክወን ጥራይ እየ ጽሒፈ። በቲ ብ1974 ዝነበረ ፖለቲካዊ ቕልውላው ምኽንያት ብድንገት ተላዒለ ንዓዲ እንግሊዝ ብምኻደይ ርክብና ተቛሪጹ። ብድሕረይ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ብሕይወት ጸኒሖም፣ ዕድሚኦም ካብ ተስዓ ዓመት ንላዕሊ ኾይኑ፣ ነዊሕ ዕድሜ ጸጊቦም ብሰላም ምዕራፎም ሰሚዔ። ግናኸ ኣብ እዋን ሸምግልናኦም ዝተሰኣልዎ ስእሊ ክረክብ ብዘይምኽኣለይ እሓዝን።

እምበኣርከስ ንኣቦይ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ፤ “እግዚኣብሔር ምሉእ ዕረፍቲ ይግበረሎም!” እናበልኩ ነዛ ጽሕፍቲ ብቕድሚ ምዕጻወይ፣ ንብዙሓት ሰባት፤ “ብዛዕባ ‘ሕጊ እንዳባ’፣ መሰረቱን ኣማጻጽእኡን፣ ብዛዕባ እኒ ራእሲ ወልደ ሥላሴን ናይ ወዶም ደጊያት ኣምሃን እትፈልጥዎ ነገራትዶ ኣሎ?” ኢለ፣ ብዕድመ ኻባይ ንዝዓብዩ እናጠየቕኩ ኽረኽበን ዝኸኣልኩ ቑም-ነገራት ካብዚኦ ቐጺለ ሓጺር መግለጺ ኣቕርብ ኣለኹ፦

ካብ እተ ኣቦይ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ዘዛራረቡኒ ቑም-ነገራት ድማ ካህናት ኣብ እዋን መውስቦ፤ “ሕግን ከም ወልደሥላሴ ስርዓትን ከም ኣምሃ” ኢሎም ቃል-ኪዳን ምእሳር ኣብ ትግራይን ኤርትራን ልሙድ ምንባሩ፣ እንዳ ጓልን እንዳ ወድን ዋሕስ ምቑጻር ድማ ፍሉጥ ስርዓት ምዃኑ ብዙሓት ሰባት ኣረጋጊጾሙለይ። ክንደይ ዋሕስ ከም ዝቑጸር ግን ልክዕ ከምቲ ኣቦይ ቀሺ ዝበልዎ ከከም ቦታኡ ቁሩብ ከም ዚፋላለ ክረክብ ክኢለ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ክልተን ሠለስተን ዋሕስ ቅቡል እኳ እንተ ኾነ፣ ኣብ ሓድ-ሓደ ግን ክሳዕ ሓ-ሓሙሽተ ዋሕስ ዚቋጸሩ ቤተሰብ እውን ከም ዘለዉ ተረዲኤ።

ብዛዕባ ትውልዲ ራእሲ ወልደሥላሴ ድማ ብኣቦም ካብ እንደርታ፣ ብእንኦም ዓድዋ፤ ‘ሓሙሽተ ዙፋን’ ኣብ ዚብሃል ቦታ ተወሊዶም ከም ዝዓበዩ ይፍለጥ። ኣብ ትግራይ ድማ ሓሙሽተ ዙፋን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ ይሓ እውን ክልተ ዙፋን፤ ላዕላይ ዙፋንን ታሕታይ ዙፋንን ዚብሃል ከም ዝነበረ፣ ኣብ ካልእ ቦታታት እውን ካልእ ዙፋናት ከም ዘሎን፣ ዝነበረን፣ “‘ዙፋን” መበሊኡ ድማ ‘ዓጽሚ መንግሥቲ ኢና’ ዚብሉ ቤተሰብ ጥንቲ ኣብኡ ብምስፋሮም እዩ’ ዚብል ታሪኽ ከም ዘሎ እውን ክረክብ ክኢለ።

ተወሳኺ ታሪኽ ‘ሓሙሽተ ዙፋን’ ድማ ከም እዙይ ዚብሃል ኣሎ፦

ሓሙሽተ ደቂ ሃፄ ፋሲል ብጐንደር ዘመነ-መንግሥቲ ንዓድዋ መውስቦ ተኣታትዮም ስለ ዝመጹ፣ እቲ ዝሰፈሩሉ ኣካባቢ ክሳዕ ሎሚ ‘እንዳ ጭዋ’ ይብሃል። እቶም ንዓድዋ ዝመጹ ደቂ ሃፄ ፋሲል ድማ ሠለስተ ኣወዳትን ክልተ ኣንጓላትን ነበሩ እሞ ስማቶም፤

1. ኣቤቶ ይሁን ሱታፌ ፋሲል
2. ኣቤቶ ይሁን ኢሎስ* ፋሲል
3. ኣቤቶ ይሁን ኣቦሊ ፋሲል
4. እመቤቴ ሆይ ኣመተ-ክርስቶስ ፋሲል
5. እመቤቴ ሆይ ኣመተ-ሥላሴ ፋሲል

ይበሃሉ ነበሩ። እቲ ቦታ 'እንዳ ጭዋ'፣ 'ሓሙሽተ ዙፋን' ተብሂሉ መጸውዒኡ ድማ እዞም ሓሙሽተ ደቂ ሃጼ ፋሲል** አብኡ ብምስፋሮም ምኽንያት እዩ ይብሃል።

'…ሕጊ እንዳ አባ አጀማምራኡ አብ አካባቢ ሓሙሽተ ዙፋን ብዝርከባ ገዳማት (እንዳ አባ ጳሕማን፣ እንዳ አባ ገሪማን) ዝነብሩ ቅዱሳት መራሕቲ ሃይማኖት፤ አቕሽትን፣ ካህናትን፣ ነቲ ሕዝቢ ስርዓት ምሂሮም፤ ናይ መውስቦ ኾነ ናይ ፍትሕ፣ ናይ ውርሲ ኾነ ናይ ካልእ ሕዝባዊ ናብራ ኹሉ ሕግታት አብኡ ንኺጅመርን ተሰሪዑ ንኺጸንዕን ብዘገበርዎ ምኽንያት እዩ…' ዚብል ርእይቶ ዘለዎም ሓድ-ሓደ ሰባት እውን ረኺበ።

እቲ 'ሕጊ እንዳባ' እናተብሃለ ክሳዕ ሎሚ አብ ኩሉ ዚንገረሉ ሕግን ስርዓትን ድማ ንመጀመርታ '*ሰርዌ*' ኣብ ዚብሃል ቦታ ከም እተሰርዔ፣ ስም እቲ ቦታ እውን '*ሰርዌ*' ዝተብሃለሉ ምኽንያት ነዚ ይ ምኻኑ፣ '*ሰርዌ*' ድማ ክሳዕ ሎሚ አብ እንዳ ጭዋ ብሓደ ገጽ፣ አብ ሓሙሽተ ዙፋን፤ እንዳ አባ ገሪማ፣ እንዳ አባ ጳሕማ፣ ማይ ምሻም፣ ማይ እምባ፣ '*ሰርዌ*' ተብሂላ እትርከብ ሓንቲ ንእሽቶይ ቦታ ምህላዋ አረጋጊጸ።

ብዛዕባ ሰብ *ሰርዌ* ድማ፤

"ኣና እንዳ ዳኛ እንተ ጠርዔ
ትውሓሰኒዶ ብ*ሰርዌ*?"
"እውሓሰካ እወ፣ ብ*ሰርዌ*!
ግራውቶም ብመስኖ ዝለምዔ!
ሓዳሮም ብስርዓት ዝጸንዔ!
ሃገሮም ብሕጊ ዝቐንዔ!
አእጋሮም ብማይ መትረብ ዝነቕዔ!…" እናተብሃለ ክሳዕ ሎሚ ይንገረሎም።

እምበኣርከስ 'ሕጊ እንዳባ' እተብሃለሉ ምኽንያት ምናልባትዶ 'ሕጊ እንዳ አባ ጳሕማ፣ ሕጊ እንዳ አባ ገሪማ፣ ሕጊ እንዳ ጭዋ፣ ሕጊ እንዳ ኽስቶ…' ወዘተ፣ ኢልካ ጽብጽብ ካብ ምውዓልስ፣ 'ሕጊ እንዳባ' ኢልካ ንምሕጻር ቃላት ኺጥዕም ዘውጽኡሉ ስም ደአ ኸይኸውን! እናበልኩ አብዚአ ብምዕጻው፣ እዛ ጽሕፍተይ ንምሁራት ሃገርና መለዓሊት ንኽትኮኖም፣ ቀጺሎም ምሉእን ዓሚቝን ዝኾነ ምርምር አካይዶም፣ መሰረታዊ ዝኾነ ሓቂ ኣውጺኦም፣ ኣስፊሖም ኪጽሕፉን፣ ንሕዝቢ ኼስተምህሩን እዕድሞም አለኹ።

ገ/ኢ. ጕርፉ።

<u>መግለጺ</u>

* ኢሎስ ዚበሃል ቦታ እውን ክሳዕ ሎሚ አብ እንዳ ጭዋ ብሓደ ገጽ አሎ።
** ኣብ ሓማሴን እውን ሃብ-ሥሉስ ዚብሃል ሰብአይ ንደገ-ጽንዓት ጐንደር ከይዱ፣ ካብ ደቂ ሃጼ ፋሲል ሰበነ-ገርግሽ ዝስማ ሰበይቲ አእትዩ፣ ገዛኢነት ተሸይሙ ዝተመልሰ ከም ዝነበረ፣ ዮውሃንስ ኮልሞዲን ኣብ ዝጸሓፎ ታሪኽ፤ *"ዛንታ ጽዓዘጋን ሃዘጋን"* ዚብሃል መጽሓፍ ብሰፊሑ ተዘርዚሩ ስለ ዚርከብ፣ አብኡ ምምልካት የድሊ።